# ንኢዮብ ብስራት ምፍላጠይ ዓቢ ዕድል ገይረ፣
# ካብኡ ድማ ብዙሕ ተማሂረ።

ግርማይ ተስፋማርያም (ጥዑስ)




ነዊሕ ሓለንጋይ ቅመቱ እዚ ስየ፣
መልክዕ ግርማ ሽበት ዘር ዘበለ፣
ንእሽቶ ዓቢ ከይፈላለ፤
ጽን ኢሉ ዝሰምዕ ዓቢ መምህረ።

ሽግራት ዝፈትሕ ደኺመ ከይበል፣
ኣበይ'ሞ ይርከብ ከም ኢዮብ ዝበለ።

ሓርበኛ በዓል መትከል ከም ዓረ፣
ንምፍልላይ ሃይማኖት ወገን ዓሌት ዝሰዓረ፣
ጸረ ምልኪ ሓቂ ዝቕናቱ ጅግና ወዲ ኤረ፣
ኣበይ'ሞ ይርከብ ከም ኢዮብ ዝበለ።

ሽም ይመርሕ ጥዋፍ የብርህ፣
ኣስማት ደቁ ኣብ'ዚ ክዝርዝረ፣

**ራ**ህዋ ኢልዋ ቦክሪ ጓሉ፣
ንራህዋ ዝሓስብ'ዩ ነይሩ ኢዮብ ባዕሉ፣
ኢንጅነር ከኣ ኣብቂዕዋ እዛ ጥዕምቲ ጓሉ።

**ሰ**ናይ ኢልዎ ንወዱ፡ ሰናይ ነይሩ ኢዮብ ባዕሉ፣

**ክ**ብረት ኢልዎ ሕሳስ ልደ ወዱ፣
ንክብረት ፍትሒ ሓሊፉ ብክብረት ኢዮብ ድማ ባዕሉ።

ልቦናኣ ዓቢ ክብርቲ በዓልቲ ቤቱ
ንሳ ነይራ ብሓቂ ክብረት ናይ ህይወቱ።

ኢዮብ ብስራት ኣሎ ምሳና፣
መሰረት ኣትሒዙ ቅድሚት ዝመርሓና፣
ሓርበኛ ስዉእ ጅግና መምህርና።

ኣብ ምዕራፉ ክበጽሕ'ዩ ድልየት ቃልስካ፣
ብዙሓት ኣፍሪኻ ታቲካ፣
ቅሰን መምህር ሓርበኛ ሰላም ንዓኻ።